# ሎቇታ መስሓቕ

ውድቀት ሕጊ-ግደፍ እናተቓረበ ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ ግዜ፡ እዋናውያን ናይ ፖለቲካዊን፡ ቁጠባውን፡ ማሕበራውን ሽግራት ዝግለጹ መስሓቓት ኣብ ኤርትራ ብሕቡእ፤ኣብ ወጻኢ ከኣ ብግህዶ ዝዕለሉ እናበዝሑ ይኸዱ ኣለዉ፤ኣገደስቲ መልእኽትታት እውን ዝሓዘሉ ኢዮም:: እዋናውያን መስሓቓት ብኢመይል ክሰዱ ንዝደልዩ ፡ ስም ሰዳዲ ብግልጺ ብስሙ ወይ ከኣ ብናይ ብርዒ ስም ክኸውን ይኽእል። ተቐባሊት ኢመይል ኣድራሻ፡ lokota.meshak@yahoo.de

## 13. ዝጎሓፍ ዘለዋ !!

ቆልዓ ነቡኡ፡ <<ባባ፡ ኢሳያስ እንታይ ክገብር’ዩ ንኢታልያ ዝመላለስ ዘሎ? >>
<< ዝጎሓፍ ዘለዋ ?>> ክብል
ብሓውለይቶ

## 14. እሳተ ጎመራ

ኢሳያስ ንሲቺልያን ይበጽሕ ኣብ ዝነበረሉ፡ ነቲ ኤትና ዝበሃል ዝቐሃመ እሳተ ጎመራ ክርእዩዎ ከለዉ እቲ እሳተ ጎመራ ብ1955 ተፈኡ ከም ዝነበረ ይገልጹሉ። ሽዑ ኢሳያስ፡ << እሞ’’ኸ? እዚ ደኣ እንታይ ኣለዎ? ኣነ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ (ሓደገኛ) እሳተ ጎመራ ኮፍ ኢለ ከም ዘለኹ ኣይትፈልጡን ኢኹም>>። መዓስ ከም ዝተፍእ ከኣ ኣይፍለጥን’ዩ! በሎም
ብሓውለይቶ

## 15. ባባ..ባባ..እቲ ፈገር ሰብኣይ መጺኡ!

ሓደ ሰብኣይ ጥንሰቲ ሰበይቲ ነበረቶ። ኩሉ ግዜ ከኣ ሃብሮም ቲቪ ኤረ ! ኣብ ዝራኣየሉ እዋን ናይፕረዚደንት ኢሳያስ ዜና ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፡ እቲ ሰብኣይ ብሕርቃን ካብ ዘዘውትሮ ዝነበረ ቃላት፡ << እዚ ፈገር ሰብኣይ ከአ መጺኡ ! >> ብምባል ይደጋግም ነበረ። ወዲ ክልተ ዓመት ዝኸውን ሕጻን ወዱ ሒዙ ኣብ መኽፈቲ ፈስቲቫል ኤክስፖ ከደ፡ እቲ ፕረዚደንት ኢሱ ነቲ ፈስቲቫለ ክኸፍት ምስ መጸ፤ እቲ ወዲ ክልተ ዓመት ሕጻን ምስ ረአዮ <<ባባ.. ባባ.. እቲ ፈገር ሰብኣይ መጺኡ>> ብምባል ኣብ ቅድሚ እዚ ኩሉ ሰብ ደርጎሖ። እቲ ሰብኣይ ብፍርሂ ዝኣክል እንዳ ኣንቀጥቀጠ <<ቆልዓ ዝጠፍኦ ?.....ቆልዓ ዝጠፍኦ.... ?..>> እናበለ ካብ ኤክስፖ ብምውጻእ ነብሱኣድሓነ።
ካብ መስመር

## 16. ባዕሎም ቀጥቂጦም ይቐትሉኻ !

ኣብ ኣስመራ ሞቶርሳይክል ዘወርቲ ቆቢዕ ከይገበሩ ምዝዋር ዝኽልክል ሓድሽ ናይ ትራፊክ ሕጊ ይወጽእ‘ሞ ጥቡቕ ቁጽጽር ይጅመር። ነዚ ዝረኣዩ ሰለስተ የዕሩኽ ብዛዕብኡ የዕልሉ ነበሩ። ሳሚ፡ << እዚ መንግስቲ ንምንታይ እዩ ቆብዕ ከይገበርኩም ከይትዝውሩ ዝብል ሓድሽ ሕጊ ኣውጺኡ ?>>
ቢኒ፡ << ነቲ ዘዋሪ ሓልዩ እዩ። ኣጋጣሚ ሓደጋ እንተበጺሑስ ርእሱ ተሃሪሙ ከይጉዳእ ብምሕላይ እዩ >>
ሳሚ፡ << ኣታ እዚ መንግስቲስ ንኹሉ ብሓይሊ ድዩ ዝደልዮ። እሞ ዋላ ይሙት ሄልመት ኣይገብርን‘የ እንተበልካኸ ? >>
ዳኒ፡ << እዋእ፡ እታ ዝበልኻ ኣይገብርን ኢልካ እንተ ኣቢኻ ከኣ ባዕሎም ቀጥቂጦም ይቐትሉኻ >> በሎ ይበሃል።
ካብ ኣቤል

## 17. ኣበይ ምስ ኣደቀስኩምና ኢና’ሞ ክንሓልም !

ሓደ ሓላማይ ሰብኣይ ነበረ። ንሻዕብያ ከኣ ኣብ ሜዳ ከለዉ ይሓልመሎም ነበረ። እቲ ሰብኣይ ከኣብፍሉይ ዝሓልሞ ዝነበረ ሕልምታት ንሻዕብያ ዘጋጥሞም ዓወታት ይሓልም ብምንባሩ፡ ሻዕብያ ኣብኡዝነበሮም እምነት ዓቢ እዩ ነይሩ። ሰብኣይ ግን ድሕሪ ናጽነት ኣይ ከም ቀደሙን፡

ከም ሻዕብያ ክቐየር ጀመረ። ምቕያሩ’ውን ብዙሕ ዝተገደሰሉ ኣካል ኣይነበረን።ድሕሪ ናይ ወያነ ኩነታት ግን ኣቓልቦ ክረክብ ጀመረ። ከምቲ ? ጥፉኖስ ? ጥፉኖስ ? ዝብሎ ከኣ፡ << ዝጠፈሸ ነጋዳይ ናይ ቀደም ሓሳባቱ ይጠፍእ >>። ከም ዝበሎ ከኣ ናይ ቀደም ሕሳባቶም ፈቲሾም ነቲ ሓላማይ ሰብኣይ ረኺብዎ። ነቲ ሰብኣይ ከኣ ኣብ መዋጥር ሕቶ ኣእተዉዎ። << ንምንታይ ከም ቀደምካ ሃገራዊ ሕልምታትካ ምሕላም ገዲፍካዮ? >> ብምባል ሓተትዎ። ንሱ ከኣ << ኣበይ ምስ ኣደቀስኩምና ኢና’ሞ ክንሓልም ? >>በሎም።
ካብ ዓወት

ኣቕራቢ፡ ሓውለይቶ
13.12.2008

## 2ይ ክፋል

### እዋናዊ ሎቓታ-መስሓቕ
### ትምኒት ንሓድሽ ዓመት

18. „ኩሉቲ ህዝብና ዝትምነየልካ ዘበለ ይትምነየልካ በሉዎ’ምበር!“
ወይዘሮ ትዕግስቲ ናይ ሓንቲ ርኺብቲ ዝነበረት ስድራ ኣደ እየን። ክልተ ደቀን ኣብ ናይ ናጽነት ውግእ፡ሓንቲ ጓልን ሓደ ወድን ድማ ኣብ ውግእ ወያነ ተሰዊኦምወን። በዓል ቤተን ብሞት ደቆም ጓሂ ሕማምልቢ በርቲዑዎም መይቶም። ዓመት ይገብር ድማ ሓንቲ እንኮ ትሕግዘን ዝነበረት ጓል ወደን ክትስደድ ብዙሕ ገንዘብ ከፊላ ንስደት ክትከይድ ከላ ኣብ ምድረበዳ ሊብያ ጠፊኣ። ኣብቲ መናድቑ ዝነቕዐ፡ዝፈርስ ዝነበረ ገዛ ወይዘሮ ትዕግስቲ ምስ ሽዱሽተ ደቅ-ደቀን ጠዋሪ ዘይብለን ተሪፈን።

ዝገብርኦ ጠፊኡወን፡ ዝተኹብለን እንተረኺባ እታ ዝበለየት እንኮ ጀለብየአንን ብላይ ነጸላአንን እናሓጸባ ኣብ ኣፍደገ እንዳ ማርያም ለሚነን ክነብራ ድማ ጀመራ።ሓደ ረፍዲ ቲቪ ኤረ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ንህዝቢ ሓተታ ከካይዱ ከለዉ፡ ንወይዘሮ ትዕግስቲ ጎፍ ይብሉወን። ንሰን ሽዑ ሙኒቺፕዮ መሲሉወን ከይገፍወን ሰምበዳ። እቲ ኣቕራቢ ሽዑ፡ <ኣይትሰምብዳ ኣደይ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ንህዝቢ ርእይቶኡ ንሓትት ስለ ዘለና ንህዝብና እንታይ ትትምነያሉ> ኢሉ ይሓተን። ንሰን ሽዑ ደመን ፈሊሑወን ብነድሪ <እህ! እንታይ’ሞ ክብል፡ ይዋእዩ ህዝብና ደኣ ራህዋን ሰላምን ይትምነየሉ’ምበር! > ድሕሪ ምባል፡ ክቕጽላ ስለዘይደለያ ናብ ሰማይ ጠሚተን እናነብዓ ነቲ መንደቕ ጠፍ-ጠፍ እናበላ <ኤህ! ኤህ!> ጥራይ በላ። እቲ ዘዛርበን ዝነበረ ደስ ኣይበሎን። <ኣደ ቀጽላባ! ንፕረዚደንት ኢሳያስከ እንታይ ትትምነያሉ?> ኢሉ ከኣ የራስነን።

ንሰን ብውሽጠን <ኤህ ደኣ! ኢሳያስስ ዕድመኻ የሕጽረልካ!> ኢለን ረገማ፡ ንብዓተን እናደረዛ ከኣ፡< ኩሉቲ ህዝብና ዝትምነየልካ ዘበለ ይትምነየልካ በሉዎ’ምበር> ምስ በልኦ እቲ ናይ ስለላ ስራሕ ዘካይድ ዝነበረ መሳርሕቱ በትሪ ወጣዊጡ፡<እዛ ሰበይቲ ደስ ኣይበለትንን፡ ናብ ማእሰርቲ ውሰዱዋ!> ኢሉ ዝባነን ይድረዐን።

ወይዘሮ ትዕግስቲ እቶም ኣብ ጥርሑ ገዛ ሓዲገንኦም ዝመጻ ቆልዑ ተዘኪሮምወን ዓው ኢለን እናተራገማ፡<ወይ ኣነ ደቀይ!> ኢለን ከይወድኣ ሃለዋተን ኣጥፊኣን ኣብቲ መሬት ጡብ ኢለን ወደቓ። ናብ ሓኪም ዝወስደን’ውን ኣይረኸባን፡ ብኡኡ ኣቢለን ከኣ ኣብኣ ከለዋ ተሰውኣ። ሓወይ ሓብተይ፡ እዚ ኣብነት’ዚ ሓፈሻዊ ኩነታት ህዝብና ኣብዛ ሰዓ’ዚኣ ዘብርህ እዩ። እሞ ንሕናኸ ደኣእንታይ እዩ ተራና። ነዞም ዝተረፉ ወረስቲ-ዓዲ ዘኽታማት ቆልዑ ነዕብዮምዶ ወይስ ይጥፍኡ? ሕልናና ንሕተት!!
ብሩኽ በዓል ሓድሽ ናይ ጽቡቕ ለውጢ ዓመት ይግበረልና!!
ሓውለይቶ

## 19. ወይ ጉድ ! ተሓኒቕካ ነብስኻ ንምጥፋእሲ ድማ ራጋ

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ኣብ ኤርትራ ንባኒ ምግዛእ ራጋ፡ ንበንዚን ምግዛእስ ራጋ ኢዩ ዘሎ ! ሓደ ኣብ ኤርትራ ምንባር ዘጽላኣ፡ ነብሱ ከጥፍእ ይሓስብ'ሞ መሕነቒ ገመድ ክገዝእ ወሲኑ ፡ ገመድ ክገዝእ ከደ ኣብኡ ድማ ነዊሕ ራጋ ጸንሖሞ ክጽበ ወዓለ። ኣብ መጨረሽትኡ ግን ብምንጽርጻር <ወይ ጉድ ! ተሓኒቕካ ነብስኻ ንምጥፋእሲ ድማ ራጋ > ብምባል ኣንጸርጺሩ ናብ ስደት ኣምርሐ ይብሃል።

ካብ ተስፋልደት

## 20. ጣንጡ ምስ ሓውለይቶ

ኢሳያስ ምስ ብጾቱ ንሱዳን ክሃድሙ ለይቲ ኣብ ቴንዳ ደቂሶም ከለዉ ጣንጡ ድቃስ ከሊኤንኦም ነበራ።ካብኣን ክከላኸሉ ንኽብሉ ድማ ኮበርታ ተሸፈኑ። ግን ኣይጠቐሞምን። ኢሳያስ ምስቲ ዝነበሮ ፍርሒ ተወሲኹ ናይ ርእሲ ዓሶኡ ተላዒላቶ ሃተፍተፍ የብዝሕ ነበረ።ንሱ ከይኣክል ሓውለይቶ(መብራህቲዝውልዑ ሓሳኹ) ውልዕ ጥፍእ እናበላ ድቃስ ከልእኦ። ጣንጡ መሲሉዎ ንውጩ፡ <ክላ ምክልኻልና ዋጋ የብሉን። መብራህቲ ወሊዐን እየን ዘናድያና ዘለዋ!> ክብል ተስፋ ብምቑራጽ ይምልሰሉ።

ሓውለይቶ

-

## 21. ናይ ዶብ ሽግር ምስ ተወድአ

ሓደ ተመሃራይ ኣብ ሓደ ክፍሊ ሰለስተ ግዜ ይተርፍ'ሞ፡ ዝገረሞ ኣቡኡ <ኣታ ቆልዓ መዓስ ኢኻ ደኣ ትምህርቲ ትሓልፍ> ይብሎ.. ቆልዓ ድማ ትቕብል ኣቢሉ <ናይ ዶብ ሽግር ምስ ተወድአ> በሎ ይብሃል።

ካብ ተስፋልደት

## 22. ሻዕብያን ደርግን እንታይ ፍልልዮም!

እንታይ እዩ ፍልልይ ደርግን(መንግስቱ) ሻዕብያን ? ደርጊ(መንግስቱ) ደም ህዝብና መሪሩዎ ኣፍሲሱዎ፡ ሻዕብያ(ኢሳያስ) ግን መቒሩዎ ይሰትዮ ኣሎ። ብምንታይከ ይመሳሰሉ? ብኣተሃዳድምኦም።

ሓውለይቶ

ኣቕራቢ፡ ሓውለይቶ

19.12.2008